## ምስካም ክፍሊታት ብኸመይ ክካየድ እዩ፧

**መከላኸሊ ጥንሲ ትሕቲ 100 ዩሮ ዋግኡ፥** እቲ ጠለብ ዋላ ድሓር - ክፍሊታት ድሮ ብኣኻ ምስተኸፈሉ - ክቕረብ ይከኣል፣ ግና ሓደ ወርሒ እቲ ትእዛዝ ሓኪም ምስ ተወሃበ ክሓልፍ የብሉን።

**መከላኸሊ ጥንሲ ልዕሊ 100 ዩሮ ዋግኡ፥**
እቲ ሕቶ ቅድሚ እቲ ሕክምና ክቕረብ ኣለዎ። ሽዑ ካብቲ ሓኪም ወይ ፋርማሲ ዝመጸ ከተቕርቡ ዘለኩም ቀረብ ዋጋ የድልየኩም እዩ። መግለጺ ምስካም ክፍሊታት ብቐጥታ ናብቲ ቤትጽሕፈት ሓኪም ወይ ናብቲ ፋርማሲ ክስደድ እዩ። እዚኦም ሽዑ ብቐጥታ ምስቲ ምሕደራ ከተማ ክቕምሩ እዮም።

## ገና ሕቶታት ብዛዕባ ምቕራብ ሕቶ ኣለውኹም ዶ፧

ኢመይል ናብ ዝስዕብ ስደዱ ብኽብረትኩም
familienplanungsfonds@ingolstadt.de

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት
**ብተሌፎን ቁጽሪ** 0841 305-2988 ወይ ብኢንተርነት ኣብ ዝስዕብ ክተርኽቡ www.ingolstadt.de/familienplanungsfonds

ፕሮጀክት/መደብ ጨንፈር ማዕርነት ከምኡ'ውን ናይ Sozialreferat (ንከቢድ ኩነት ዘለዎም ሰባት ዝሕግዝ ማሕበራዊ ክፋል)

ሕጋዊ ሓበሬታ
Stadt Ingolstadt, Gleichstellungsstelle, Rathausplatz 4, 85049 Ingolstadt ስእልታት፥ Mikhail Azarov/123rf.com፣ bacho12345-fotolia.com፣ euthymia-stock.adobe.com

**ንሕቶታት ብዛዕባ ምምዳብ ስድራ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ጥንሲ ንጨናፍር ኣገልግሎት ምኽሪ ጥኑሳት ኣብ Ingolstadt ተወከሱ ብኽብረትኩም፥**

Stadt Ingolstadt
ብመንግስቲ ዝተቐበለ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ንጉዳያት ጥንሲ ኣብ ቤትጽሕፈት ጥዕና
Esplanade 29, 85049 Ingolstadt
ተሌፎን፡- 0841 305-1452
schwangerenberatung@ingolstadt.de
www.ingolstadt.de/schwangerenberatung

ማሕበራዊ ኣገልግሎት ካቶሊኽ ኣንስቲ (SkF)
ካቶሊኽ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ንጉዳያት ጥኑሳት
Schrannenstraße 1 a, 85049 Ingolstadt
ተሌፎን፡- 0841 93755-60
schwangerenberatung@skf-ingolstadt.de
www.skf-ingolstadt.de

ብመንግስቲ ዝተቐበለ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ንጉዳያት ጥንሲ
ኣንስቲ ምምካር – Diakonie Ingolstadt
Schulstraße 14, 85049 Ingolstadt
ተሌፎን፡- 0841 3708303
info@frauenberaten-in.de
www.frauenberaten-in.de

pro familia e.V. Ingolstadt
ጾታውነት፣ ዕርክነት፣ ምምዳብ ስድራ ብመንግስቲ ዝተቐበለ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ንጉዳያት ጥኑሳት
Holzmarkt 2, 85049 Ingolstadt
ተሌፎን፡- 0841 3792890
www.profamilia.de/ingolstadt
www.profamilia.de
www.sextra.de die pro familia ኣገልግሎ ምኽሪ ኢንተርነት

Stadt Ingolstadt

# ናይ ምምዳብ ስድራ ፎንድስ



## ምስካም ክፍሊታት ንመከላኸሊታት ጥንሲ

ርእሰ-ምምሕዳራዊ ናብራ ንክትመርሕ እንተላይ ውልቃዊ ተሓታትነት ዘለዎ መደብ ስድራ የድልየካ። መዓስ ቆልዓ ክትቕበሉ ከምዝደለኹም ከምኡ'ውን መደብ ስድራኹም ብኸመይ ክትምድቡ ከምትልዩ ባዕልኹም ንክትውስኑ ንደሊ።

መከላኸሊታት ጥንሲ ክቡራት እዮም። ውሳነ ብዛዕባ ምርጫ ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ካብ ደሞዝ ዝምርኮስ ከምዘይኮነ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ከተማ **Ingolstadt** ናይ ምምዳብ ስድራ ፎንድስ ኣቕሪቡ ኣሎ።

## ንመከላኸሊ ጥንሲ ገንዘብ የብልኩምን፧

ኣብ ከተማ Ingolstadt ትነብሩ ተኾይንኩም ከምኡ'ውን ፍሉያት ማሕበራውያን ገንዘባት ትወስዱ እንተኾይንኩም፣ እቶም ክፍሊታት ንመከላኸሊታት ጥንሲ ካብቲ ከተማ ክኽፈሉ ይከኣሉ። እቶም ገንዘባት/ሓገዛት ወለንታውያን እዮም፣ መሰል ሕጊ የለን።

## ኣየኖት ኩነታት ክረክብ ኣለኒ፧

ኣብ Ingolstadt ክትነብሩ ኣለኩም ከምኡ'ውን ንIngolstadtPass ክትውንኑ ኣለኩም ወይ ንኣ. ሓደ ካብቶም ዝስዕቡ ማሕበራውያን ገንዘባት ክትቕበሉ ኣለኩም፧ ማሕበራዊ(ሶሽያል) ገንዘብ፣ ገንዘብ ኣልቦነት ስራሕ 2፣ መንበሪ ገንዘብ፣ ገንዘብ መወሰኽታ ቆልዑት፣ ባፎግ፣ ደገፍ ኣውስቢልዱንግ ሞያ ወይ ሕጂ ዝፍጸም ወለንታዊ-ማሕበራዊ ወይ ኢኮሎጃዊ ዓመት ወይ ፈደራላዊ ኣገልግሎት ወለንተኛታት ትፍጽሙ። ቀጻሊ ሓበሬታ ካብ መርበብ ኢንተርነት ትወስዱ ብኽብረትኩም።




## ኣየኖት መከላኸሊታት ጥንሲ ይክፈሉ እዮም፧

ብቀንዲ ክፍሊታት ን ብሓኪም ዝተኣዘዙ መከላኸሊታት ጥንሲ ወይ ናይ መከላኸሊ ስጉምትታት ይሽፈኑ እዮም። ክፍሊታት ብሕልፊ ናይ ዝስዕቡ ነገራት ክትካኡ ይከኣሉ፥

- ከኒና
- ናይ ሰለስተ ወርሒ ወይ ናይ ደፖት ስሪንጋ
- ስፒራል ሆርሞን/ነሃሲ
- ሰንሰለት ነሃሲ
- ኣብ ቆርበት ዝኣትዉ ረቐቕቲ ነገራት መከላኸሊ ጥንሲ
- ቀለቤት መሸኒት
- ልጋብ መከላኸሊ ጥንሲ
- ብድሕሪኡ ዝውሰድ ከኒና
- መጥባሕቲ መትረብ ዘርኢ
- ምምካን



ንተወሳኺ ምክልኻል ናይ ብጾታውነት ዝመሓላለፉ ሕማማት እንተላይ ኮንዶማት ይምወሉ እዮም። እዚኦም ብደቀንስትዮ ዋላ ውን ብሰብኡት ክጥለቡ ይከኣሉ።

ካልኦት ብሓኪም ክእዘዙ ዘየድልዮም መከላኸሊታት ጥንሲ ጥራይ ዝስዕቡ ኩነታት ምስተረኸቡ ክሽፈኑ ይከኣሉ፥ እቲ ዝምልከት ኣገባብ ምክልኻል ጥንሲ ብሓደ ጨንፈር ኣገልግሎት ምኽሪ ጥንሲ ወይ ብሓደ / ብሓንቲ ሓኪም ብጽሑፍ ክምከር ኣለዎ።

## እቲ ሕቶ/ጠለብ ከመይ ጌረ ከቕርብ፧

እቲ ሕቶ ብዛዕባ ምስካም ክፍሊታት ናይ መከላኸሊታት ጥንሲ ኣብ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት ትረኽቡ www.ingolstadt.de/familienplanungsfonds። ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ክትመልእዎ ትኽእሉ ከምኡ'ውን ብሓንሳብ ምስ ተወሰኽቲ ሰነዳት ኣብኡ ኦንላይን ከተቕርቡ/ክትሰዱ ትኽእሉ።



እቲ ሕቶ ዋላ ፕሪንት ጌርኩም ኣውጺእኹም ብቡስጣ ናብ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትሰዱ ውን ኣማራጺ ኣለኩም፥

**Jobcenter Familienplanungsfonds**
**Adolf-Kolping-Straße 10**
**85049 Ingolstadt**

ውልቃዊ ብዝርርብ ምምዝጋብ ኣድላይ ኣይኮነን።